ኣብዚ እየ ዝነብር
**ኣብዚ እየ ዝመርጽ**

# ንሕና ክንመረጽ ኢና!

ብዕለት 26 መስከረም 2021 ንመበል 20 ግዜ ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ (ፓርላማ) ጀርመን ክካየድ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለዩ ዞናታት ከተማ ፍራይቡርግ ከኣ፣ ክሳብ ናይ ምርጫ ማዓልቲ ሰንበት ዓቅሚ ኣዳም (18 ዓመት) ዝመልኡን ከምኡ'ውን ካብ 3 ኣዋርህ ንላዕሊ ከም ተቀማጦ ከተማ ፍራይቡርግ ኣብ መዝገብ ዝኣተዉን ልዕሊ 190.000 ሽሕ ተቀማጦ ህዝቢ ይርከቡ። ይኹን'በር 33.354 ተቀማጦ ፍራይቡርግ ግን ክመርጹ ኣይፍቀደሎምን'ዩ፣ ምኽንያቱ ከኣ ናይ ጀርመን ዜግነት ስለ ዘይብሎም፣ ንኽመርጹ መሰል የብሎምን። እንተኾነ ግን ንመተካእታ ናይዚ ዕላዊ ምርጫ ዞናታት 281 ፍራይቡርግ (Wahlkreis 281)፣ እዞም ደቂ ወጻኢ ዜጋታት ተቀማጦ ፍራይቡርግ፣ ብዕለት 26.09. ኣብቲ ምስላዊ ምርጫ ክልል ሚእቲ % (Wahlkreis 100%) ዝዳሎ ከይዶም ክመርጹ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ ፍራይቡርግ ዝቅመጥ ሰብ ብዛዕባ ዋጋታት ናይ መጓዓዚታትን (Straßenbahnpreisen)፣ ህላውነት ቦታ ናይ መውዓል ሕጻናትን ከምኡ'ውን ኣብቲ ውሳኔ ምስፍሕፋሕ መንበሪ ገዛውትን ይምልከቶ እዩ። እዚ ከኣ ኣብ Freiburg ዲዩ ወይ ኣብ Hamburg, Madrid, Ankara ወይ ኣብ Duala ተወሊዱ ብዘየገድስ። ኣበይ ተወሊዶም ወይ እንታይ ዓይነት ፓስ (ዜግነት) ኣለዎም ብዘየገድስ፣ ኩላቶም ዓቅሚ ኣዳም ዝመልኡ ተቀማጦ ህዝቢ ናይ ሓንቲ ከተማ፣ ብሓባር ናይ ንኡስ ዞበኦም ፓርላማ (ኣማሓደርቲ) ክመርጹ ማዕርነታዊ መሰል ክህልዎም ይግባእ። እዚ ርኢቶ'ዚ ከኣ በዞም ወከልቲ ናይ ስደተኛታት ፍራይቡርግን፣ (Migrant*innenbeirat)፣ ብናይ ቤት ምኽርን (Gemeindrat) ከምኡ'ውን ብከንቲባ (Oberbürgermeister) ፍራይቡርግን ተደጊፉ'ዩ። እዚ መሰል ዘባዊ ምርጫ ንክውሰን እንተኾይኑ ግን፣ በቶም ሃገራዊ ባይቶን (Bundestag) ከምኡ'ውን በቶም ሃገራዊ ኣማኸርቲ ሽማግለን (Bundesrat) ክልተ ስልሲት (2/3) ድምጺ ክረክብ ኣለዎ።

መራጺ ዘበ ፍራይቡርግ

ሚእቲ %

መሰል ተሳታፍነት ምርጫ ከኣ ሓደ መሰረታዊ እምነት ናይ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ሃገረ እዩ። ህላወ መሰል ምርጫ ንደቂ ወጻኢ ዜጋታት ከኣ ነቲ ምውህሃድ የበራትዖን፣ ከምኡ'ውን ናይ ማሕበራውን ፖለቲካውን ማዕርነታዊ መሰል መግለጺ እዩ። ኣብ 14 ካብ 27 ሃገራት ኤውሮፓ ከኣ ብዘይ ገለ ክትዓት ኣብ ግብሪ ዝወዓለ'ዩ።

እምበኣር ኣብታ ዕለት 26.09.2021 ንምዝዋር ኢልኩም ክትወጹ ከለኹም፣ ንእግረ መገድኹም ናብቲ ናይ ሚእቲ %-ናይ ምርጫ ቦታ (100%-Wahllokal) ኣላጊስኩም ክትመርጹ ነማሕጽነኩም። በቲ ዝተዳለወ ናይ ምርጫ ወረቀት፣ ብምስሊ ነተን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን (Parteien) ከምኡውን ኣባላት ባይቶን (Abgeordneten) ንመራሕቲ ሃገራዊ ባይቶ በርሊን (Bundestag in Berlin) ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ምርጫ ዝካየደሉ ካብ ሰዓት 10:00-17:00 እዩ።
ኣንቱም ዜግነት ናይ ጀርመን ዘለኩም ከኣ፣ ኣብቲ ውሳኔ ናይ ኤውሮፓ ፓርላማ (2003) ከተድምጹ ንዕድመኩም። እዚ ማለት ድምጽኹም ነዞም ወጻእተኛታት፣ ኣብቲ ናይ ዘበ ምርጫን ከምኡ'ውን ኣብቲ ምርጫ ናይ ኤውሮፓ ፓርላማን ንኽመርጹ ዕድል ንኽወሃቦም ይድግፍም እዩ።

**26.09.**

## ንዘባዊ መሰል ምርጫ ንስደተኛታት፣ ንማዕርነታዊ መሰል ፖለቲካዊ ተሳትፎታት!

እዚ ዝዳሎ ናይ ምርጫ ክቢ ሚእቲ % (Wahlkreis 100%) ብማሕበር መራጺ ዘበ % ፍራይቡርግ ዝዳሎ እዩ።
እዞም ወከልቲ ስደተኛታት ናይ ፍረኢቡርግ ከኣ፣ ንተቀማጦ ፍራይቡርግ፣
ኣብዚ ምስላዊ ምርጫ ንኽትካፈሉ ይጽውዑኹም።
ብምስሊ ምርጫ ከኣ ኣብ ሙሉእ ጀርመን'ዩ ዝካየድ።